# ኤርትራ፡ ንዘይሕጋዊ ተግባራት ኣመሪካ ትኹንን




ቕድሚ ትማሊ 23 ነሓሰ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ፡ "ኤርትራ ንዘይሕጋዊ ተግባራት ኣመሪካ ትኹንን" ዘርእስቱ መግለጺ ምውጽኡ ዝዝከር እዩ። ምስኡ ዝተኣሳሰር፡ ኣብቲ ዕለት'ቲ ንሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ብመገዲ ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ኣስመራ ዝተመሓላለፈ ዲፕሎማሲያዊ መልእኽቲ ከምኡ'ውን ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራን ኣብ ወርሒ መጋቢት 2021 ዝተለኣኣኽዎ ደብዳበታትን ካብዚ ቀጺልና ነቕርበልኩም።

**ዲፕሎማሲያዊ መልእኽቲ ቁጽሪ** 215/21

ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ዘሎ ግጭት ተኣሳሲሩ፡ ሰብኣዊ መሰላት ናይ ዝግሃሰ ኣካል ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ወግዓዊ መራሒ ብምኳኑን ኣባላቱ ብዝፈጸምዎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ሎሚ ብኣቈጻጸራ ምብራቕ 10:30 ቅድሚ ቐትሪ፡ ኣብ ትሕቲ ኣዋጅ "ግሎባል ማግኒትስኪ" ብተሓታትነት ሰብኣዊ መሰላት ከምዝረቐሓቶ፡ ኤምባሲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ብኣኽብሮት የፍልጥ። ኤምባሲ፡ ወኪሉ፡ ምስ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ ወይ ካልእ ወግዓዊ በዓል ስልጣን ናይቲ ሚኒስትሪ ንምርኻብ ቆጸራ ክሕዝ ፈቲኑ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ብዘይምፍቃዱ፡ ንክልተኣዊ ዝምድናና ብዝምጥን ሓባራዊ ናይ ምርድዳእ መንፈስ፡ ብኣካል ተረኺቡ መልእኽቱ ከብጽሖን ሕቶታት ክምልስን ዕድል ኣይረኸበን። ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብቕትለት፡

ዘረፋን ጾታዊ መጥቃዕቲን ተሓታቲ እዩ። ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ደቀንስትዮ ዓሚጾም፡ ሰላማዊ ሰብ ኣጋፊዮም፡ ንብረት ኣዕንዮም፡ ትካላት ዘሪፎምን ኣዕንዮምን። ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ደይ መደይ ኢሎም ኣብ ጎደናታት ንዝጸንሕዎም ኮነ ገዛውቲ እናፈተሹ፡ ሰብኡትን ኣወዳትን እናመረጹ ቀቲሎም፡ ስድራቤታት ትግራይ ካብ መረበቶም ብሓይሊ ኣባሪሮም፡ ካብ ኣባይቶም ንብረቶም ወሲዶም። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ሓይልታቱ ብህጹጽን ብቐዋምነትን ካብ ኢትዮጵያ ክስሕብ ትጽውዕ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ኣብ ዘሎ ግጭት ተሳተፎ ዘለዎም ኩሎም ወገናት፡ ብህጹጽ ግጭት ደው ኣቢሎም ኣብ ዘተ ምቁራጽ ተኹሲ ክኣትዉ ትደፍእ፡ ጀነራል ፊሊጶስ፡ ብደረጃ ዓለም፡ ንፈጸምቲ ከቢድ ሰብኣዊ መሰላትን ብኹለትን ዒላማ ብዝገበረ ኣዋጅ ግሎባል ማግኒትስኪ ተሓታትነት ሰብኣዊ መሰላት ትእዛዝ ላዕለዋይ ኣካል E.O. 13818 እዩ ተረቑሑ ዘሎ። ከም ውጽኢት ናይዚ እገዳታት'ዚ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኮነ ኣብ ትሕቲ ዋንነትን ቁጽጽርን ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ሰባት ዘሎ፡ ካብ 50 ሚእታዊት ንላዕሊ ዝኾነ ኩሉ ንብረትን ረብሓታትን ናይቲ ዝተረቑሐ ሰብ ይእገድን፡ ጸብጻቡ ናብ ቤት ጽሕፈት ምቁጽጻር ወጻኢ ንብረት ክፍሊ ትሬዠሪ (OFAC) ይቐርብን። መምርሒታት OFAC፡ ዝኾነ ንብረትን ረብሓታትን ከምኡ'ውን ምስ ናይ ኣመሪካ ሰባት ዝግበር ውዕላት ናይቲ ተረቋሒ ሰብ ዝእግድን ዝዓግትን እዩ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከምዚ ዓይነት ስጉምቲ ክትወስድ እንከላ፡ ዕላማኣ ኩሎም ኣብ ግጭት ሰሜን ኢትዮጵያ ዝሳተፉ ዘለዉ ዕጡቓት ሓይልታት፡ ሰብኣዊ መሰላት ምግሃስ ክሳብ ክንደይ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ተሪር መልእኽቲ ንምትሕልላፍ እዩ። ፍሉይ ልኡኽ ፈልትማን ብ6 ግንቦት ኣስመራ ኣብ ዝበጽሓሉ፡ ብዛዕባ ምእታው ሓይልታት ኤርትራን ዘሰንብድ ተግባራትን ሻቕሎቱ ብምግላጽ፡ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ምስ ዝቕጽል፡ ናይ እገዳ ተኽእሎ ከምዘሎ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣነጺሩሉ ነይሩ። ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዳግም ናብ ትግራይ ብምእታው፡ ንስርሒታት ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ይድግፍ ኣሎ። ብወግዒን ብውልቂን ደጋጊምና ከምዝገለጽናዮ፡ ህላወ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ነቲ ግጭት ብምግዳድ፡ ኢትዮጵያ ከይትረጋጋእን ዘተ ምቁራጽ ተኹሲ ከይግበርን ዝዕንቅጽ ዘሎ እዩ። ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብህጹጽን ብቐዋምነትን ካብ ኢትዮጵያ ክስሕብ ኣለዎ። ግጭት ትግራይ ካብ ዝተወልዓሉ ሕዳር 2020 ጀሚራ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኩነታት ሰሜን ኢትዮጵያ ንምህዳእ ዘለዋ ኣተሓሕዛ ኣነጺራ እያ። ግጭት ከምዝዓርፍ ምግባር፡ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ንዝርከቡ ሓገዝ ዘድልዮም

ወገናት ሰብኣዊ ሓገዝ ዝረኽብሉ መገዲ ምፍጣር፡ ብዘተ ፖለቲካዊ ፍታሕ፡ ሰላምን ጸጥታን ምርግጋጽ። ኣብ ትግራይን ሰሜን ኢትዮጵያን ግጭት ምቕጻሉ፡ ንሃገራዊ ድሕነት፡ ርግኣት፡ ግዝኣታዊ ሓድነት ሃገረ ኢትዮጵያ ከምኡ’ውን ንዝሰፍሐ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ እዩ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብዚ ግጭት’ዚ ትድግፎን ጸግዒ ትኾኖን ዝኾነ ፍሉይ ወገን ወይ ጉጅለ የለን። ንርግኣትን ጸጥታን ሓድነትን ኢትዮጵያ ኢና ንድግፍ። ንህወሓት፡ ፍሉይ ሓይልታት ኣምሓራን ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያን ናይ ዞባ ሚሊሻታትን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን፡ ዘሎ ቅልውላው ከብቅዕን ኣብ ዘተ ዝተመርኰሰ ምቁራጽ ተኹሲ ክግበርን ረብሓን ድሕነትን ኣብቲ ዞባ ዝርከቡ ሰላማውያን ሰባት እንተላይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ክሕሎን ሓድነት ኢትዮጵያ ክዕቀብን ብተደጋጋሚን ብወግዒን ጸዊዕና ኢና። መንግስቲ ኢትዮጵያን ህወሓትን ብህጹጽን ብዘይ ቅድመ ኩነትን ተኹሲ ንምቁራጽ ዘተ ክጅምሩ ኣለዎም። እዚ ናብ ዘተኣማምን ፖለቲካዊ ፍታሕ ናይቲ ግጭትን ዝሰፍሐ ምይይጥን ከምርሕ ዘለዎ እዩ። ኣብ መወዳእታ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኩሎም ኣብ ትግራይ ተሳትፎ ዘለዎም ዕጡቓት ሓይልታት፡ ብኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕግታትን ግዴታታትን፡ እንተላይ ምሕላው፡ ድሕነት ሰላማውያን ሰባት ክቕየዱ እናጸውዐት፡ ኩሎም ኣህጉራዊ ሕጊን ሰብኣዊ መሰላትን ዝግህሱ ተሓተትቲ ምኳኖም ትገልጽ። ምርቋሕ ጀነራል ፊሊጶስ፡ ነቶም ኣብ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ በደላት ዝፈጸሙ ናይ ምቕጻዕ ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ። ኤምባሲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ በዚ ኣጋጣሚ’ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሃገረ ኤርትራ ዘለዎ ኣኽብሮት ደጊሙ የረጋግጽ። ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣንቶኒ ብሊንከንን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣብ ወርሒ መጋቢት 2021 ዝተለኣኣኽዎ ደብዳበታት ድማ ብቐደም ተኸተል እነሆ፦

ቤት-ጽሕፈት ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ

ዋሽንግተን-ዲሲ

8 መጋቢት 2021

ክቡር ዑስማን ሳልሕ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ

ሃገረ ኤርትራ ኣስመራ

ዝኸበርካ ሚኒስተር!

ናይ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ መዝነተይ ኣብ ዝጀምረሉ ዘለኹ ህሞት ንዝለኣኽካለይ መልእኽቲ ኣመስግን። ንኣዝዩ ህጹጽ ጉዳያት ናይ'ቲ ዞባ - እንተላይ ጉዳይ ትግራይ ኣተኩሮ ንምሃብ፡ ምሳኻን ምስ ሃገረ ኤርትራን ሃናጺ ጽምዶ ክህልወና ተስፋ እገብር። እንተ ክልተኣዊ ዝምድናና ግን፡ ብቐንዱ ኣብ'ቲ መንግስትኹም ኣብ ቅልውላው ትግራይ ክወስዶ ዝውስን ስጉምቲታት ዝምርኰስ እዩ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ህላወ ወተሃደራዊ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ክልል ትግራይ ናይ ኢትዮጵያን ብትካላት ሕቡራት ሃገራትን በርጌሳዊ ማሕበራትን ዝወጽእ ዘሎ ጸብጻባት ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት በቶም ሓይልታትን፡ ኣዝዩ የሻቕላ። ነዚ ዕድል'ዚ ድማ፡ እዞም ሓይልታት ብቕጽበት ክወጽኡ ንዘቕረብናዮ ጻውዒት ንምድጋም ክጥቀመሉ ደስ እብለኒ። ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ፡ ኣብ ትግራይ ከም'ዚ ዝበለ ግፍዕታት እናተፈጸመ ስቕ ክብል ኣይክእልን። ፈጸምቱ፡ ብሕጊ ክሕተቱ ኣለዎም። ኩሎም ኣብ ግጭት ትግራይ ዝሳተፉ ዘለዉ ወገናት፡ ብዘይቅድመ-ኩነት በይናዊ ምቁራጽ ተጻብኦታት ክገብሩ ንጽውዕ ኣለና። እዚ፡ ሕሰም ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምቕንጣጥን ህጹጽ ኣህጉራዊ ሓገዝ ናብ'ቲ ክልል ንምእታውን ኣስተዋጽኦ ክህልዎ እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለም - እንተላይ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ሓያሎ ግጭታት ንርኢ ኣለና። ነዚ ታሪኻዊ ብድሆታት ንምግጣም፡ ኩለን ሃገራት ብሓባርን ብሰላማዊ መንገድን ክሰርሓ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ እዩ። ሎሚ ልዕሊ ማንም እዋን፡ ዜጋታትና ኣብ መሪሕነትና ይምርኰሱ። ሰላም ዝሰፈኖ - ኣብ ናጽነትን ብልጽግናን ዝተሰረተ መጻኢ ንኹሉ ንምህናጽ ድማ፡ ዕድልን ሓላፍነትን ኣለና።

ምስ ኣኽብሮት

ኣንቶኒ ጀይ.ብሊንከን

**ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ ንደብዳበ ብሊንከን ዝሃቦ መልሲ ድማ ይስዕብ፦ ክቡር ኣንቶኒ ብሊንከን**

**ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ**

**ዋሽንግተን-ዲሲ**

ብቐዳምነት ሰላምታ፡ ኣብ እተሰላሰሎ ከቢድ ዕማማት ድማ ሰናይ ምንዮተይ እገልጸልካ። ናይ 8 መጋቢት 2021 መልእኽትኻ ተቐቢለያ፡ የቐንየለይ። ብዘይ ሓቀኛ ሓበሬታ፡ ኣብ ሚድያ ብዝጋዋሕ ዘሎ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ተመርኲስካ ፍርዲ ምሃብካ ዘተሓሳስብ እዩ። ብርእይቶይ፡ ቅኑዕን ምሉእን ስእሊን ዝሓሸ መረዳእታን ንምፍጣር፡ ኣረኣእያና ንምጥላል ቀዲምካ ክትውከስ ወይ ከተማኽሪ ምተገብአ። ቃና መልእኽትኻ፡ ናይ’ዚ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ተኸታታሊ ምምሕዳራት ኣመሪካ ዘይርጡብ ፖሊሲታት ስለዝእምት፡ ኣብ ዝርዝራዊ ክርክራት ከይኣተኹ፡ ክእረም ተስፋ እገብር። መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ኣኽብሮትን ልዕልናን ኣህጉራዊ ሕጊ፣ ኣብ ኣኽብሮት ልኡላውነትን ናጽነትን ሃገራትን ህዝብታትን፣ ኣብ ልኡላዊ ጉዳያት ዘይምትእትታው፣ ካብ መጐተ ሓይሊን ምጒጣጥን ዝረሓቐ፡ ሓቀኛ ክልተኣዊ ዝምድና ምትሕብባር ኪምስርት ሰጋእ ከምዘይብል ግን ኣረጋግጸልካ።

ምስ ኣኽብሮት

ዑስማን ሳልሕ

ኣስመራ፡ 13 መጋቢት 202